Tvedestrand kommune
**Bibliotek, kultur og frivilligsentral**

# ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ

## ካብ ዕለት 1.9.25 ጀሚሩ ንናይ ደቅኻ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ዝኸውን ደገፍ ንምርካብ ኣመልክት

ካብ ዕለት 1.9.25 ጀሚሩ ኮሙን ትቨደስትራንድ፡ ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ ዝበሃል ሓድሽ ናይ ደገፍ መደብ ከተኣታቱ እዩ። እቲ ዕላማ ድማ፡ ካብ 6–12 ዓመት ዓመት ዝዕድሚኦም ኵሎም ቈልዑ እንተወሓደ ኣብ ሓደ ዘሐጕሶምን ከም ዝኸኣሉ ኽስምዖምን ዝገብር ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ክሳተፉ ምግባር እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ስድራቤታት ዘለወን ቍጠባዊ ጸገም ነዚ ኽይገብራ ይዓግተን እዩ። ስድራቤትካ ድሩት ቍጠባዊ ዓቕሚ እንተልይዋ፡ ብቐሊል መገዲ ደገፍ ክትሓትት ይከኣል እዩ።

ዕላማ እቲ ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ፡ ኵሎም ኣብ ትቨደስትራንድ ዝቕመጡ ካብ 6 ክሳብ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ኣብ እተወደበ ናይ ትርፊ ግዜ መዘናግዒ ንጥፈት ከም ዝሳተፉ ምግባር እዩ፡-

- እቲ ንጥፈት ሰሙናዊ ዝግበር ክኸውን ኣለዎ፡ እንተወሓደ ን10 ሰሙን ዝጸንሕን ክኸውን ኣለዎ
- እቲ ንጥፈት ብክለብ፡ ብማሕበር፡ ብቤት ትምህርቲ ሳዕስዒት፡ ብናይ ባህሊ ቤት ትምህርቲ፡ ወይ ብኻልእ ተመሳሳሊ መገዲ እተወደበ ክኸውን ኣለዎ።
- እቲ ኮሙነ ናይ ኣባልነት ክፍሊት፡ ናይ ተሳትፎ ክፍሊት፡ ናይ ናውቲ ክራይ፡ ከምኡ እውን ንውድድራት/ካምፕ ዝኸውን ወጻኢታት ክሸፍን ይኽእል እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ፡ ንመሳርሒታት (ናይ ኩዕሶ እግሪ ጫማ ወዘተ) መግዝኢ ዝኸውን ደገፍ ኣይንህብን ኢና።

**ድጋፍ ንምርካብ መን ከመልክት ይኽእል፡**
ኵሎም ኣብ ትቨደስትራንድ ዝነብሩ ግዝያዊ ወይ ነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ቍጠባዊ ጸገማት ዘለዎም ስድራቤታት ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። ብመሰረት ስታቲስቲክስ ኖርወይ ትሑት እቶት ዝብሃል እዚ ዝስዕብ እዩ፡-

- **ንጽል ወላዲ፡-** ኣታዊኡ ኣስታት 330,000 ክሮነር (ምስ ሓደ ቆልዓ)፣ ኣስታት 400,000 ክሮነር (ምስ ክልተ ቆልዑ)፣ ኣስታት 480,000 ክሮነር (ምስ ሰለስተ ቆልዑ) ዝኾነ
- **ሰብ ሓዳር፡-** ኣታዊኦም ኣስታት 450,000 ክሮነር (ምስ ሓደ ቆልዓ)፣ ኣስታት 530,000 ክሮነር (ምስ ክልተ ቆልዑ)፣ ኣስታት 600,000 ክሮነር (ምስ ሰለስተ ቆልዑ)፣ ኣስታት 680,000 ክሮነር (ምስ ኣርባዕተ ቆልዑ) ዝኾነ

እዚ ጕድለታት እዚ ንዓኻ ዝምልከት እንተኾይኑ ባዕልኻ ንርእስኻ ኽትግምግም ኣሎካ። ነፍሲ ወከፍ ኣመልከቲ በብውልቂ እዩ ዝግምገም፣ ትሑት ኣታዊታት ከም ዘሎካ መረጋገጺ ሰነድ ከተቕርብ ኣየድልየካን እዩ።

**ውላድካ ክንደይ ዓመት ክኸውን ኣለዎ፧**
እቲ እተመልክተሉ ቈልዓ ካብ 6 ክሳብ 12 ዓመት ዝዕድሚኡ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ቈልዓ ኣብቲ እተመልክተሉ ግዜ ግድን 6 ዓመት ዝመልኦ ክኸውን ኣየድልን እዩ፣ ኣብታ ዓመት እቲኣ ግን 6 ዓመት ዝመልእ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ቈልዓ ኣብታ እተመልክተላ ዓመት 13 ዓመት ዝመልእ እንተኾይኑ፡ እቲ ደገፍ ክወሃብ ኣይክእልን እዩ። የግዳስ፡ እቶም ካብ 13–18 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ኣብቲ ያርልስ ፈንድ መንእሰያት (Jarls Ungdomsfond) ዝብሃል ንናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ደገፍ ንምርካብ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም፡-

Jarls Ungdomsfond - Tvedestrand kommune

Tvedestrand kommune
**Bibliotek, kultur og frivilligsentral**

**ክንደይ ክትቕበል ትኽእል፧ ብኸመይከ ይኽፈል፧**
ንነፍሲ ወከፍ ቈልዓ፡ ኣብ መንፈቕ ዓመት ክሳብ 2,500 ክሮነር ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንነፍሲ ወከፍ መንፈቕ ዓመት ዳግማይ ከተመልክት ኣለካ።
ነቲ ንጥፈት ባዕልኻ ኣይትኸፍልን ኢኻ። ኣብ ክንድኡስ፡ እቲ ካብ ክለብ፡ ናይ ባህላዊ ቤት ትምህርቲ ወዘተ ዝመጽእ ፋክቱር ምስ ተቐበልካ፡ ነቲ ፋክቱራ ናብቲ ኮሙን ስደዶ፡ ወይ ድማ ድሮ መጺኡካ እንተኾይኑ ምስቲ መመልከቲ ኣተሓሒዝካ ስደዶ።
ንውላድካ ኣብ ሓደ ንጥፈት ቅድሚ ምምዝጋብካ፡ ገለ ሰሙናት ኣቐዲምካ ከተመልክት ንመክር። ኣወንታዊ መልሲ ምስ ዝረኸብካ፡ ነቲ ፋክቱራ ምስ መጸ ከተመሓላልፎ ትኽእል ኢኻ።
**ድሮ ነቲ ንጥፈት ባዕልኻ ከፊልካዮ እንተ ኾንካ፡ ክንመልሰልካ ኣይንኽእልን ኢና።**
እቲ ንጥፈት ልዕሊ 2500 ክሮነር ዘውጽእ እንተኾይኑ፡ ነቲ ዝተረፈ ባዕልኻ ክትከፍሎ ኣሎካ።

**ናይ መወዳእታ ግዜ ኣሎዎ ድዩ፧ መዓስከ እየ መልሲ ዝረክብ፧**
መመልከቲታት ብቐጻሊ እዩ ዝርአ፣ እንተበዝሐ ድማ ኣብ ውሽጢ 3 ሰሙን መልሲ ክትረክብ ክትጽበ ትኽእል ኢኻ። እቲ ኮሙነ ኣብ 2025 ንናይ መዘናግዒ ግዜ ዝኸውን ካርድ ዝኸውን እተወሰነ መጠን ገንዘብ መዲቡ ኣሎ። እቲ ባጀት ገንዘብ ምስ ተወድአ፡ እቲ መደብ ክሳብ ዝቕጽል ዓመት ይዕጾ። ደገፍ ነቶም ቀዳሞት ኣመልከትቲ ቐዳምነት ብምሃብ እዩ ዝካየድ።

**ንምምልካት፡ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሮ ወይ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ እቶ፡-**
**www.tvedestrand.kommune/fritidskortet**

**ርክብ ዝገብር ሰብ፡-** ፍራንዚስካ ኣር. ስቶረሚር (ኣማኻሪት ባህሊ)፣ ተሌፎን፡- 47 66 76 87፣
ኢመይል፡- franziska.ruttimann.storemyr@tvedestrand.kommune.no

**ብዛዕባ BUA ትፈልጥ ዲኻ፧**

ኣብ BUA፡ ናይ ስፖርትን ናይ ትርፊ ግዜን መሳርሒታት ብነጻ ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ፣ ንኣብነት፡ ከም በዓል ሺ፡ ሾይተር፡ ስኖውቦርድ፡ ኣከብረት ዝኣመሰሉ ኣብ በረድ ሸታሕታሕ እናበልካ ዝእተጻወተሎም ነገራት፡ ብሽክለታ፡ ቴንዳ፡ መደቀሲ ሳንጣ ወይ ካልእ ብዙሕ ከምኡ ዝኣመሰለ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ርአ፡- Utlån av utstyr - Tvedestrand kommune